# *ንዲክታቶር እንብዛ ዕድል ሂብናዮ*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*በርህ ዑቑባዝጊ ሃገር ጀርመን..*

*ሚዛን ፍትሒ ሕጊ ርትዒ*

*ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ደቂ ሃገርይ ንተቃውሞና መጽነቲ ህዝብና ንሕና ንሓይሽ ዝብሉሉ ግዜ ኣብጺሕናዮ፡ ንዲክታቶር እንብዛ ዕድል ሂብናዮ ነንነብስና እሞ ንሕተታ ደቂ ኤረይ።*

*ድሕሪ ውድቀት ጃንዳ ህግደፍ ኣብ ሃገርና ኤረትራ ሕጊ ኣልቦ ምሕደራ ቦታ ኣለዎ ዶ። መልሲ ናብቶም ንግዝኣተ ሕጊ ክነንግስ ንቃለስ እገድፎ  ብወገነይ ግን ቦታ የብሊን ዩ ናተይ መልሲ።ከምዚ ናተይ እንተኮይኑ መልስኹም ግና፡ኣብ ፓልቶክ ረታዕን ተረታዕን ስለ ዘይብሉ፡ ፓልቶክ ጸረ ናይ ሓባር ጸላእቲ ህዝቢ ኤረትራ ብስነት ክንጥቀመሉ እንዳ ተላበኹ፡ዓደቦይ ተጋግየ እቕረ በሉለይ ምባል ስንፍና ኣኮነን ጠንቂ ዘይስኒትና ሃሰስ እንዳበልና ካብ ሕጂስ ናብ ስራሕ ባይታ ንረድ።ኣንድነት ሩም ኀዘሞ ሩም ደደቢት ሩም ንግደፎ።ኣብ ፓልቶክ ተቃሊስና ንህግደፍ ንኣልዮ ዝመስሎ እንተሎ የዋህ ጥራይ እዩ።*

*ኣብ ታሪኽ ተሓኤ ግንባር ሓጊና*<br>
*ኣብ ሕሉፍ ንኮንቱ ሓሊፉ ግዜና*<br>
*ሕማቑ ጽቡቑ እወ ታሪኽና*<br>
*ዓገብ ሎምስ ምስሕሓብ ያኣኽለና*<br>
*መስሐቕ ዓዲ ሃገር ኣይትግበሩና..*

*ተሓኤ ግንባር ንታሪኽ ንሕደጎ*<br>
*ክሳብ ሎሚ ዲክታቶር ተዓዊቱ*<br>
*ንመንእሰያት እንዳ ወሰደ ጎቲቱ*<br>
*ንዓቢ ኑኡስ እንዳ ወሰደ ዓሚቱ..*

*ሕማቕን ጽቡቕን ካብ ገለጽናዮ*<br>
*ኣብ 2017 መብጸዓ ንእቶ ክንኣልዮ*

*ምልኪ ኣይእለይንዩ ብጾሎት እዝግዮ*
*ንተቓውሞ ይጽበዮሎ ናይ ሐባር ዕዮ..*

*ህዝቢ ይብል ኣሎ ኣድሑኑኒ*
*ብዘረባ ዘይኮነ ንጉጅለ ወድኒ*
*ከም ኦሪት ስኒ ብስኒ ዓይኒ ብዓይኒ..*

*ንዓመታት ብዘይ ሕጊ ዝኸዱ*
*ንህዝቢ ከም ማል ንዕዳጋ ዘውረዱ*
*ብሐይሊ ተገዲዶም ምስ ወረዱ*
*ከም ወዲ ኣኽዛ ደኒኖም ይሰግዱ..*

*ጭርሖ ፉናይቲት ኤረትረያ*
*ኣለዉና ኣለዉና ሰብ ሞያ*
*ክንዲ ውጽዓት ዘእውዩ ዘእውያ*
*ኣደታት ወሊደን ሐቝፈን ከዕብያ*
*ዓገብ ዝብሉ ዝብላ ንጉጅለ ማፍያ..*

*ኣጀኹም ደቅና ዕባይ ድያስፖራ*
*ተማጎቱሎም ንሐተቲ ዑቛባ ኤረትራ*
*ብሐደ ድምጺ መክቱ ንስርዓት ኣስመራ..*

*ፉናይቲት ኤረትረያ ሰስኑ ብዝሑ*
*ወጽዓ ህዝቢ ኤረትራ ክተቃልሑ*
*ምስ ቶም ተማራሚሮም ዝበልሑ*
*ምስ ሐተቲ ዑቁባ ተሳኒኹም ስርሑ..*

*እወ ሐደ ድምጺ ክነድምጽ*
*ንጭፍራ ህግደፍ ተስፋ ዝቑርጽ*
*ዝረኸሰ ቁስልና ተፈዊሱ ክነቅጽ..*

*ፉናይቲት ኤረትራያ ጻሐፉ*
*መልእኽትኹም ኣማሓላልፉ*

*ናብ መንግስቲ ጀርመን ለበዋ*
*ሐተቲ ዑቝባ*
*ሐገዝኩም ይድልዩ ይደልያ ኣለዋ*
*ንህግደፍ ኣሕሊፎም ከህብዎ ክይብዋ..*

*ምሕጽኖተይ ንደለይቲ ፍትሒ*
*ያኣክል ሽርሒ ጉርሒ ፍርሒ*
*ንህግደፍ ክንስዕሮ ኣብ.12 ወርሒ*
*ያኣክል ኣብ ፓል ሕድ ሕድ ጸለመ*
*ካብ ጸለመ ህግደፍ ዩ ዝተጠቐመ..*

*ክወግሕ ዩ ከመይ ዘይወግሕ*
*ኣብ 2017 ብስኒት እዚ ንጨርሕ*
*ካብ ባንዴራይ ባንዴራኻ ንውጻእ*
*ንድሕነት ህዝቢ ሐቢርና ንስራሕ*
*ኣየነይቲ ይመርጽ ንሕደጎ ንጽባሕ..*

*ተሐኤ ግንባር ንታሪኽ ንሕደጎ*
*ንህግደፍ እሞ ሐቢርና ንስጎጎ*
*ሐደ ይኹን ናይ ክልና ሪኢቶ*
*ፓልቶካትና ብስኒ ንኽፈቶ*
*ንዲክታቶር ኣውሪድና ክንሐቶ..*

*ገጠምትን ዘየምትን ንዳሎ*
*እምኒ ኩርናዕ ንሞዩኡ ክቕጽሎ*
*ኣድሚ ኮንካ ብስኒት ኣላዓዕሎ*
*ብሐደ ድምጺ ንብል ሐዲኡ ሎ..*

*ኣቦ ወንበር እንቢ ንምልኪ*
*ከም ወትሩ ንገጣሚ ንዜያሚ*
*ሐሙስ ሐሙስ ብሐደ ድምጺ*
*ንዓቢ ኑኡስ ክኸውን ዓዳሚ*
*ብሐደ ክነምሲ ከም ዓሚ..*

*ዓገብ ንጒጅለታት ምብትታን*
*እዚ ኵሉ ወጠጥ ንጠቕሚ መን*
*ኤረትራዊያን ካብ ፋሕ ክንስስን*
*ቅድሚ ስልጣን ህዝቢ ነድሕን..*

*ኣይግድን በበይንኻ ኲዳ ወጠጥ*
*ኣብ ጥራይ ጎልጎል ዓይንኻ ፈጠጥ*
*ዝድፈን የለን ብምስጢር ዝዕበጥ*
*ዕንቃፋት ቃልሲ ጽባሕ ይፍለጥ..*

*ተሐኤ ግንባር ንታሪኽ ንሕደጎ*
*ተጋዳላይ ተሐኤ ግንባር ነበር*
*ወለዶ ሎሚ ዘውሐስኩም ሃገር*
*ኣብ ባዶ ክንጭርሕ ኣይንንበር*
*ኣንነት ገዲፍና ወሲናን ንፈር..*

*ክንካላኸል ተልእኾና ኣይንስሕቶ*
*ኣብ ሑሉፍ ግዜና ኣይነጥፍእ ኮንቶ*
*መንዩ ሐቀኛ ጉጉይ ጽባሕ ንፈልጦ*
*ንሐቂ ሐቂ ንኄጋጌጋ ምብል ንፍቶ*
*ዓገብ ንበል ኣይንኹን ቲፎዞ*
*ክፈላሊ ዝመጸ ብስኒት ንወግዞ..*

*ህዝቢ ብህግደፍ እንዳ ተፋናቖለ*
*ዝሐረሶ ከይሐፍስ እንዳ ተኸልከለ*
*ኣብ ዓዲ ማይ መብራህቲ እኽል የለ*
*ካብ ተፋላሊኻ ለለ ተሳኒና ጸላኢ ንእለ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ንሰማእታትና*
*ኤረናሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*